## "ትምህርቲ ኩሉ ዜጋ ብማዕረ ክረኽቦ ዘለዎ መሰል'ዩ"

## ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ



ቃለ- መሕተት/ ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

***ሕቶ - ፈለማ ኣብ መንጎ ስራሕኪ ንዝሃብክና ዕድል ነመስግን። ሚ/ር ሓሊማ፡ መርሓ ወይ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ እንታይ ከም ዝመስል ከተብርህልና፣ እዚ ክንብል እንከለና፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ወፍሪ ትምህርቲ ዝሰላሰል ንጥፈታት ክትገልጽልና፣***

*ብቐዳምነት ኣብ ትምህርቲ ንዘለና ዕማማትን ብድሆታትን ናብ ህዝቢ ንኸተብጽሑ ስለ ዝመጻእኩም ብልቢ ኣመስግን። እዚ ንገብሮ ዘለና ቃለመሕተት ብምኽንያት እቲ ኣብ'ዚ ቀረባ ሳምንታት ዘብዓልናዮ መበል* 35 *ዓመት ጽንብል በዓል ናጽነትና ይካየድ ስለ ዘሎ፡ በቲ ዝወጽአ ቴማ መሰረት "ጽንዓትና ዋሕስና" ዝብል እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ንመምህራንን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብዓብይኡ ከኣ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብፍላይ ዮሃና ክብል እፈቱ። ናብ'ቲ ዝቐረበ ሕቶ ክምለስ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ'ቲ ሃገርና ሓራ ዝወጸአትሉ* 1991 *ጀሚሩ ጥራይ ዘይኰነ፡ ዋላ እቲ ቀደም ኣብ እዋን ገድሊ ንምምጻእ ናጽነት እናተቓለሰ እንከሎ፡ ዝነበሮ ፖሊሲ ናይ ትምህርቲ፡ ተመሳሳሊ እዩ። እቲ ቀንዲ መርሓ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ከኣ፡ "ትምህርቲ ንኹሉ" እዩ ዝብል። ማለት "ትምህርቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብማዕረ ክረኽቦ ዘለዎ መሰል'ዩ" ዝብል እዩ።*

*ትምህርቲ ብዓለም ለኻዊ እንተ ደኣ ርኢናዮ'ውን፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ሰብኣዊ መሰላት እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ፡ ትምህርቲ ናብ ኩሉ ንኽባጻሕ ብቐጻሊ ዝሰርሓሉን ዝደኽመሉን ጉዳይ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ እቲ ቐንዲ መርሓ ናይ*

ትምህርቲ እንታይ እዩ፤ እቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝግበር ንጥፈታት እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ኩልና ከም ንፈልጦ ትሽዓተ ዝተፈላለያ ብሄራትን ቋንቋታትን ኣለዋና። ብብዙሕነት ክንርእዮ እንከለና፡ ንሃይማኖቱን ባህሉን ኣኽቢሩ ብሓድነትን ስኒትን ሰጢሙ ዝኸይድ ህዝቢ እዩ ዘለና። ማዕረ-ማዕረ እዚ ከኣ፡ እቲ ናይ ትምህርቲ ዕድልን መኣድን በቲ ዝግባእ ክረክብ እዩ ዘለዎ። ብዛዕባ ቍጠባን ካልእ ዕብየት ኣብ ህይወት ክንዛረብ እንተ ደኣ ኰይንና'ውን፡ እቲ ቐንዲ መሰረት ትምህርቲ እዩ። እቲ "ትምህርቲ ንኹሉ" ዝብል መርሓ ጐደና፡ እቲ ዋና መሳርሒ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ። ጻዕርታት መንግስትን ህዝብን ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ እዩ። እዚ ከኣ እቲ መሰረታዊ ዕላማ እዩ። ኤርትራ ሃገርና ሃብታም ሃገር ኣይኰነትን። ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ፡ መንግስቲ ኤርትራ በቲ ዘለዎ ዓቕሚ ብልዑል ንጥፈት ይሰርሓሉ ኣሎ። ሓደ ካብ'ቲ ዝለዓለ ዝስለያ ባጀት ድማ፡ ንጽላት ትምህርቲ ዝስላዕ ባጀት እዩ። ስለ'ዚ እቲ ፋይናንሳዊ መዳይ ኣብ ትምህርቲ ዘካይዶ ወፍሪ፡ ደሞዝ መምህራን ኣሎ፡ ምህናጽ ኣሕደርቲ (ቦርዲን) ኣብያተ ትምህርቲ ኣሎ። ቦርዲን ክትሃንጽ እንከለኻ ንቐለብ ናይቶም ተመሃሮ ማለት መነባብሮኦም፡ ክዳኖም ንኹሉ ዝግበር ወጻኢታት ኣሎ። ብዓብይኡ መንግስቲ ኤርትራ ዝጥቀመሉ ናይ ትምህርቲ፡ መምሃሪ ቋንቋ፡ እቲ ቋንቋ ኣደ እዩ። እዚ ከኣ እቲ ኣብ መውዓሊ ህጽናትን መባእታን ደረጃ ንዝመሃሩ ተመሃሮ ዝወሃብ እዩ። እቲ መምሃሪ 'ቋንቋ ኣደ እዩ' ክንብል እንከለና፡ እንታይ ማለት'ዩ፤ ትሽዓተ ቋንቋታት ኣለዋና፡ ብትሽዓቲኣን ቋንቋታት ከኣ ንምህር ማለት እዩ። ስለ'ዚ ብትሽዓተ ቋንቋታት ክትምህር እንከለኻ፡ እቲ ናይ ሕትመት ወጻኢታት'ውን፡ ብእኡ መጠን እዩ ዝዓቢ። ስለ'ዚ ዘለዉ መጻሕፍትና ካብ መውዓሊ ህጻናት ጀሚርካ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘሎ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ መጻሕፍትታት፡ ብፍላይ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ዘሎ መጻሕፍቲ ብኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ብኹሉ ዓይነት ቋንቋታት ስለ ዝሕተም ዓበይቲ ወጻኢታት እዩ ዝሓትት።

ብኣሃዝ ክንድ'ዚ ባጃት እዩ መንግስቲ ዘውጽኣሉ ኢልና ዋላ ኣይነቐምጦ፡ ብሓፈሻ ንኹለን ኮለጃትና ዝወጽእ ባጀት፡ ንመጻሕፍቲ፡ ንኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ንመምህራን፡ ንኻልእ ኣብ ትምህርቲ ሓገዝቲ ዝኾኑ ነገራትን መሳርሒታትን ዝወጽእ ባጀትን ወፍርን መንግስቲ ዝገብሮ ወጻኢታትን ዓቢ ምኳኑ እየ ክረድእ ዝደሊ። ሕቶ - ካብ'ዚ ሓሳብ ከይወጻእና፡ ቀንዲ ራእን ዕላማን ሚ/ሪ ትምህርቲ እንታይ'ዩ፤ ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ ዕላማን ራኢን ሚኒስትሪ ትምህርቲ "ትምህርቲ ንኹሉ" ክንብል እንከለና፡ ትምህርቲ ንስለ ምኽፋት ኣይኰነን። እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ብቕዓት ዘለዎ ምዕሩይ ትምህርቲ ንኹሉ ምብጻሕ እዩ። እዚ ክንብል እንከለና እንታይ እዩ። እቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘሰንዮ መርሓና፡ እተን እንኸፍተን ኣብያተ ትምህርቲ

ኣብ ኩለን ንኽባጻሕን ከምኡ'ውን፡ በቲ ዝርደኦ ቋንቋ ንምምሃር ዝዓለመ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ ብቕዓትን ዝርግሐን ዘለዎ ትምህርቲ ንኽህሉ'ዩ እቲ ቀንዲ ተልእኾ ናይ'ዚ መንግስቲ። እዚ እንተ ደኣ ገይርና ከኣ፡ እቲ ናይ መወዳእታ እንኽዶ ሽቶ ምዕዋት እዩ። ብቕጡጣባን ትምህርትን ነብሳ ዝኸኣለት ሃገር ንምህናጽን፡ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም ዜጋታት ንኽፈርዩ የኽእል ማለት እዩ። እዚ'ዩ እቲ መትከልን ዕላማን ናይ'ዚ ሚኒስትሪ።

***ሕቶ - ምስኡ ተታሓሒዙ ዝኸይድ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘለዎ ክፍልታትን ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ቴክኒካውን ሞያውን ዘካይዶም ስልጠናታትን እንታይ ይመስሉ፧***

ብፍላይ ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ንዓበይትን ሜድያን ቀዳምነት ተዋሂብዎም ዝሰራሓሎም ዘሎ ንጥፈታት ከኣ ክትገልጽልና፧ እዚ ዕብይ ዝበለ ሕቶ'ኳ እንተኾነ፡ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንምርካብ ካብ ነፍሲወከፍ ዝምልከቶ ጨንፈር ናይ'ዚ ሚ/ሪ ስለዘሎ ክትወስድዎን ክትርእይዎን እውን ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነፍሲወከፍ ኣሃዱታት (ዲፓርትመንትስ) ከይኣተኹ እተን ዘለዋና ክፍልታት ንምግላጽ ዝኣክል፡ ሓደ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ምርምርን ዝበሃል ኣለና። እዚ ክፍሊ እዚ ድማ፡ ኣብ ምስልጣን መምህራን እዩ ዝነጥፍ። ይውድብን የካይድን። ስልጠና ናይ መምህራን ክንብል እንከለና፡ ኣብ ሕቶ ትምህርቲ እቲ ኣገዳስን መሰረታውን እዩ። ስለ'ዚ ክልተ ዓይነት ስልጠናታት እዩ ዝህብን ዝውድብን። 'ኦን ጆብ ትረይን' ንብሎ ሓጺር ምስ ስነ-ምምህርናን ምሕደራን ዝተኣሳሰር፡ ነቶም መምህራን ኣብ ናይ ቀጻሊ ስርሖም ንምዕጣቕ ዝሕግዞም ሓጸርቲ ስልጠናታት ኣሎ። እዚ ስልጠና ናይ ሰሙን፡ ወርሒ፡ ክልተ ወርሒ ከምኡ እናበለ ዝወሃብ እዩ። እዚ ድማ በዚ ክፍሊ'ዚ እናተኣለየ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ እዩ። ዳርጋ በቲ መምርሒ ሚ/ሪ ትምህርቲ፡ 'ነፍሲ-ወከፍ መምህር ኣብ ዓመት ብውሕዱ 20 ሰዓት ተወሳኺ ስልጠና ክወስድ ኣለዎ' ዝብል እዩ እቲ መዐቀኒ። እዚን ካልእን ድማ፡ እቲ ክፍሊ ዘሰላስሎም ስርሓት ኣለውዎ።

ሚ/ሪ ትምህርቲ ምስ ኮለጃትና እናተኣሳሰረ ዓቕሚን ደረጃን መምህራን ካብ'ቲ ዝነበሮም ክብ ንምባል፡ ኣፕ ግሬድ ዝገብሩሉ ዕድላት ፈጢሩ እዩ። እዚ ከኣ ንዕብየትን ፍልጠትን ናይቶም መምህራን ሓጋዚ እዩ። እዚ ንንውሕ ዝበለ እዋናት ሰሪሑሉ እዩ። እቶም ሰርቲፍኬት ዘይነበሮም ኣብ ማእከል መሰልጠኒ መምህራን ኣትዮም ሰርቲፍኬት ከም ዝረኽቡ ይገብር ነይሩ እዩ። እቶም ነዊሕ ዓመታት ዝመሃሩ'ሞ ሰርቲፍኬት ዝነበሮም መምህራን ድማ፡ ናይ ዲፕሎማ ዕድል ረኺቦም ደረጃኦም ክብ ንኽብሉ ይገብር ነይሩ። ብዙሓት መምህራንና ከኣ ብዲስታንስ ኢዱከሽን እዚ 'ኦዲኤል' እንብሎ ፕሮግራም ኣብ ኮለጅ ማይ-

ነፍሒ ምርድዳእ ብምግባር፡ ብዙሓት መምህራን ዕድል ናይ ዲፕሎማ ክረኽቡ ክኢሎም እዮም። ዲፕሎማ ዝነበሮም ድማ፡ ናይ ዲግሪ ዕድል ከም ዝረኽቡ ተገይሩ እዩ። ዲግሪ ዝነበሮም ናብ ማስተርስ፡ ማስተርስ ዝነበሮም ከኣ ናብ ፒ ኤች ዲ ከም ዘማዕብልዎን ከም ዘደይብዎን ተገይሩ እዩ። እዚ ቅድሚ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዓመታት ዝነበረ ንጥፈታት'ዚ፡ እዚ ክፍሊ ዓቢ ንጥፈታት እዩ ዝዓምም ነይሩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝሰርሕ ዘሎ ሰራሕተኛ ከኣ፡ ካብታ ዘለዋ ደረጃ ትምህርቲ ከም ዝውስኽን ከም ዝዓቢን ይግበር ነይሩ። ምናልባት ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ እዚ ናይ 'ኣፕ ግረዲንግ' ዝበሃል ብቴክኒካዊ ምኽንያት ተቛሪጹ ስለ ዘሎ፡ እዚ ክንብሎ ዝጸንሓና ዕድል ይርከብ የለን። እቲ እምነት ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ግን ንሱ እዩ። ኣብ ናይ መጻኢ መደባትና'ውን፡ ንሱ እዩ ክቕጽል ዘለዎ። ኣብ'ቲ ሲስተም ኣትዩ ዘሎ ሰብ፡ ናይ ብሓቂ ብተወፋይነት መምህር ኰይኑ እናሰርሐ ... ዳይረክተር፡ ሱፐርቫይዘርን መራሒ ናይ ትምህርቲን እናኾነ ክዓቢ እንተ ደኣ ኰይኑ፡ ናይ ትምህርቲ ዓቕሙ ክምዕብል እዩ ዘለዎ። እዚ ከኣ፡ ካብ'ቲ ክንሰርሓሉ ዘለና ዕማማት እዩ። እዚ ማለት ኣብ ርእሲ እቲ ዝጠቐስኩዎ ሓጸርቲ ዕማማት ማለተይ እየ። ካልእ፡ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዝበሃል ኣሎ።

እዚ ክፍሊ'ዚ ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ንዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ንስርዓተ ካሪክለምን ኣመሃህራን ዝከታተል እዩ። ካሪክለም የዳሉ ንዕኡ ድማ የመሓድር። ዝተፈላለዩ መምርሒታት ናይ ምዘና መምርሒታት፡ እዚ ተመሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ኣመሃህራ እንብሎን ኲታ ብቕዓት ትምህርቲ ዝከታተል እዚ ክፍሊ እዚ እዩ። ስለ'ዚ ብክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ'ዚ 35 ዓመታት ዝተሰርሐ ንጥፈታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ክሳብ 2001 በቲ ናይ ፈለማ ዝሓዝናዮ ካሪክለም ኢና ንጥቀም ነይርና። ካብኡ ናይ ካሪክለም ክለሳ ተገይሩ። ስለ'ዚ ብኹለን ዓይነት ትምህርትን ኩለን ቋንቋታት ኣደን ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ኩሎም ዓይነት ትምህርቲ መጻሕፍትና እውን ኣብ'ዚ ክፍሊ እዚ እዮም ዝዳለዉ። ኣብ መወዳእታ ንሕትመት በቒዖም ንስራሕ ድሉዋት ይኾኑ ማለት እዩ። ብዘይካ እቲ ካሪክለም ምድላው፡ ትግባረ ናይ ካሪክለም ከኣ ይከታተል። ትግባረ ናይ ካሪክለም ክንብል እንከለና፡ ኣብ'ቲ ክፍሊ ዳርጋ ሰለስተ ዝኾኑ ጨናፍር ኣለዉ።

## ክትጠቕስልና፧

ጨንፈር ካሪክለም ኣሎ። እዚ፡ ከኣ ካሪክለም የዳሉን ይከታተልን። ጨንፈር ሃገራዊ ምዘና'ውን ኣሎ። እዚ ከኣ፡ ነቲ ብቐጻሊ ዝካየድ ሃገራዊ መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ንምሕላፍ ዝግበር ናይ ምዘና ስርዓትን ኣገባብን ይከታተል። እቲ ሳልሳይ ድማ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ዝከታተል ጨንፈር

እዩ። እቲ ካልእ ዝርዝራዊ ስራሕን ንጥፈታትን ናይ'ቲ ክፍሊ ግን፡ ባዕሉ እቲ ክፍሊ ከብርሆ ይኽእል እዩ። ኣብ'ዚ ክፍሊ'ዚ ዓቢ ናይ ሕትመት ስራሕ ኢና ነካይድ። ምስታ ቀዳመይቲ ዝሓተትካያ ሕቶ ትተኣሳሰር ዝወጽእ ባጀት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ደሓር ካብቶም ብድሆታት ከነምጽኦ ንኽእል ንኽውን። መጻሕፍቲ ናይ ምሕታም ቀጻሊ ስራሕ ብዙሕ ገንዘብን ወጻኢታትን ስለ ዝሓትት ኣብ'ዚ ብድሆታት ኣለና ክንብል ንኽእል። ብፍላይ ኣብ'ቲ ናይ መባእታ ደረጃ መጽሓፍቲ፡ እርጋንን ዋሕድን የጋጥም እዩ።

## ሕቶ - እቲ ሳልሳይ ክፍሊ'ኸ፧

እዚ ሳልሳይ ክፍሊ ክጥቀስ ዝኽእል፡ ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናታትን እዩ። እዚ ክፍሊ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፍሊ እዩ። እቲ ናይ ኣካዳሚ (ቀለም) ትምህርቲ ክመሃር ዝጸንሐ ተመሃራይ ናብ ሞያ ዘጥርየሉ ሓደ ክእለት ኣማዕቢሉ ኣበርካቲ ኰይኑ ናብ ስራሕ ከም ዝዋፈሩ ዝገብር ክፍሊ እዩ። እንተ ደኣ ርኢናየን እተን ናይ ማእከል መሰልጠኒ ዘለዋና ኣብያተ ትምህርቲ ውሑዳት እየን። ዓሰርተ ኣብያተ ትምህርቲ እየን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ጐዲለን ኣለዋ። ምስቲ ቁጽሪ ተመሃራይና ክንርእየን እንከለና፡ ትሕቲ ኣርባዕተ ሚእታዊት እዩ ዕድል ናይ'ዚ ስልጠና ዝረክብ ማለት እዩ። ከም ድሌት ናይ'ቲ ህዝብን ተመሃራይን እንተ ደኣ ርኢና ግን፡ ኣብዚ ዓውዲ ብዙሕ ድሌት ኣሎ። ብዙሕን ከቢድ ወጻኢታትን ዝሓትት ዓውዲ ብምዃኑ፡ እኹል እዩ ዘሎ ክንብል ኣይንኽእልን። ኩሎም እቶም ካብዘን ኣብያተ ትምህርቲ ተማሂሮም ዝወጽኡ'ውን፡ ኣፍረይቲ እዮም። ኣብ'ዚ ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ኢና ንህብ። 10ይ ክፍሊ ምስ ወድኡ 11ን 12ን ኣብኡ ይመሃሩ። በቲ ሓደ ወገን እቲ ናይ ቀለም ትምህርቲ ይወስዱ፡ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ሞያዊ ትምህርቲ ይስልጥኑ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ማትሪክ ናይ ምግባር ዕድል ኣለዎም። ንኽልቲኡ ዕድላት ሒዘሞ እዮም ዝጉዓዙ። ኣዝዩ ኣገዳሲ ጽላት ድማ እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ምስ ኩሉ ኵነታትን ዓቕሚን ሃገርና ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ዓውዲ ናይ ሞያዊ ስልጠና ክዓቢ ዘለዎ እዩ።

## እቲ ራብዓይ ክፍሊ'ኸ እንታይ እዩ፧

እቲ ራብዓይ ክፍሊ ድማ፡ ትምህርቲ ንዓበይትን ሚድያን እዩ። እዚ ክፍሊ ብዙሕ ንጥፈታት እዩ ዘካይድ። ብዓቢኡ መስርሕ ምጥፋእ መሃይምነት እዩ። ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ውሽጢ እዚ 35 ዓመታት፡ ብዙሕ እዩ ተሰሪሑሉ። ዳርጋ ተዓዊትናሉ ኢና ክንብል ከኣ ንኽእል። ምናልባት ኣብ'ቲ ናይ መጀመርታ ዓመታት ናጽነት ብዙሕ መሃይምነት ዘየጥፍአ ህዝቢ ስለ ዝነበረና፡

እቲ መሃይምነት ምጥፋእ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝብል፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ስራሕ ዓሚሙ እዩ። ድሕሪ ዓመታት እቲ ሰብ ዕድል እናረኸበ ስለ ዝመጽአ፡ እቲ ምጥፋእ ናይ መሃይምነት ዝበሃል ወይ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝበሃል፡ እናጕደለ መጺኡ። ዋላ'ኳ ጽኡይ መጽናዕቲ ክንገብር ኣብ መደብ እንተ ሃለና፡ ዳርጋ 89 ሚእታዊት መሃይምነት ኣጥፊኡ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። እዚ በዚ ብሚ/ሪ ትምህርቲ ጥራይ እነካይዶ ንጥፈታት ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት'ውን ይወሃብ እዩ። ኩሉ ትምህርቲ ኣቋሪጹ ዝኸደ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰራዊት ናይ ትምህርቲ ዕድል ይረክብ እዩ። መብዛሕተኡን እተን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ'ቲ ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ መደብ፡ ዕድል ናይ ምጥፋእ መሃይምነት ክረኽባ እንከለዋ፡ እቶም ዕድል ናይ ትምህርቲ ዘይረኸቡ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ፡ ኣብ'ቲ ሰራዊት ከይዶም ትምህርቲ ይመሃሩ። እቲ ናይ ምምሃር መስርሕ ብሃ.ማ.መ.ተ.ኤን ሃ.ማ.ደ.ኤን ኰታ ብኹሉ ስለ ዝካየድ፡ ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ገስጋስ ኣርኢና ኢና። ትምህርቲ ንዓበይቲ ናይ መሃይምነት ምጥፋእ ጥራይ ኣይኰነን ዘካይድ። እቶም ብስሩዕ ትምህርቲ ዝመሃሩ፡ ሓደ ቈልዓ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት እንተ ደኣ ኰይኑ፡ 1ይ ክፍሊ ክኣቱ ኣለዎ። ወዲ ኣርባዕተ ዓመት እንተ ኾይኑ ከኣ፡ መዋእለ ህጻናት ክጅምር ኣለዎ። እዚ ዕድል'ዚ ከይረኸቡ ደቂ ትሽዓተ፡ ዓሰርተ፡ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት ዝኾኑ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ኣለዉና። ምኽንያቱ ገና ብሰበኽ ሳግም ዝነብር ህዝቢ ስለ ዘለና። ምስ ራሕቂ ቦታ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ዘይረክብ ኣሎ። ስለ'ዚ ነዚ ኣማራጺ ክኸውን ተባሂሉ፡ እዚ ኢ.ኢ.ሲ (ኢለመንታሪ ኮምፕሊመንታሪ ኢዱከሽን) እንብሎ፡ ኣብ ክንዲ 1ይ፡ 2ይ፡ 3ይ፡ 4ይ፡ 5ይ ትኽ ኢሉ ዝመሃር፡ ዕድመኡ ዓብዩ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ሰለስተ ዓመት ናይ መባእታ ከም ዝውድእ ትገብሮ። በዚ ክፍሊ'ዚ ድማ፡ ምክትታል ይግበረሉ። ነቲ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ዝመሳሰል ኣርዒምና ናብ ሰለስተ ዓመት ኣምጺእና፡ እቲ ናቱ ብቕዓት (ስታንዳርድ) ግን ከይጐደለ ተመሳሳሊ ትምህርቲ ይወሃብ እዩ። ናይዞም ሓሙሻይ ክፍሊ ብኸምዚ ኣብ ሰለስተ ዓመት ዝወድኡ ከኣ፡ ናብ ማእከላይ ደረጃ ሓሊፎም እቲ ስሩዕ ትምህርቲ ምስ ካልኦት መዛኑኦም ይመሃሩ እዮም።

**- እዚ ክፍሊ ዝሰርሖ ካልእ ንጥፈታትከ፧**

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እዚ ክፍሊ ዝሰርሖ ስራሕ ናይ ሜድያ ስራሓት እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ሜድያ ከኣ ረድዮ ባና ኣሎ። ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ከኣ፡ ምስ ሚ/ሪ ዜና ብምትሕብባር ናይ እንግሊዘኛ ፕሮግራም ተጀሚሩ ኣሎ። ናይ ቴለቪዥን ፕሮግራም'ውን ኣብ መደብ ኣሎ። ጋዜጣ ግን ድሮ ጀሚሩ ኣሎ። ስለ'ዚ እቲ ሜድያ ዝህቦ ኣገልግሎት፡ ትምህርታዊ ሜድያ እዩ። እዚ ከኣ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። እቲ ቀንዲ እንጸቕጠሉ፡ ናይ ረድዮ ፕሮግራም እዩ። ምኽንያቱ ኣብ

ኤርትራ ዳርጋ ረድዮ ዘይሰምዕ ሰብ የብልናን። ረድዮ፡ ጓሳ ከይተረፈ ዝውንና ኣብ በረኻ ዝሰምዓ ንብረት እያ። ብመንገዲ ረድዮ ድማ፡ ናይ ጽሬት፡ ትምህርቲ፡ ክብርታት ንህዝቢ ክመሓላለፍ ዝግበኦ ተወሰኽቲ መደባት የካይድ። ነዚ ከነዕብዮ ከኣ ንሰርሕ ኣለና። እዘን ዝጠቐስኩወን እተን ዘለዋና ክፍልታት እየን። ከም'ቲ ዝበልኩኻ ክንዮ'ዚ ዝገለጽኩዎ ተወሰኽቲ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ናይ'ተን ክፍልታት እንተ ደኣ ተደልዩ'ውን ክትርእይዎን ክትወስድዎን ትኽእሉ ኢኹም። ምናልባት ምስ'ዚ ዝተኣሳሰር እቲ ቀንዲ ንጥፈታት ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ እንታይ እዩ እንተ ደኣ ኢልና፡ ዋላ እዚ ዝጠቐስኩዎ ይኹን፡ ብዓቢኡ ግን ኣብ'ቲ ምምሃር ምስትምሃር ትምህርቲ ንኹሉ ምብጻሕ ዝበልናዮ ሰለስተ ዓይነት ዳታ ኣዳሊና ስለ ዘለና ንመረዳእታ ክውሰድ እውን ይከኣል እዩ። እዚ ማለት ካብ 1991 ክሳብ 2026 ዓመተ ትምህርቲ ናይ 35 ዓመታት ኣብ ሰለስተ ዳታ በብመቓን ናይ ዓመታት ግዜ ኣዳሊናዮ ኣለና። እዚ ዕብየት እዚ ከኣ፡ ከም ጋዜጠኛታት ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ'ዚ ዳሕረዋይ ዓሰርተ ዓመትከ እንታይ ስራሕ ኢና ሰርሒና እንተደኣ ኢልና፡ ናይ ብሓቂ ምስ'ቲ መንግስቲ ኣብ ትምህርቲ ዝገብሮ ወፍርታት ዓቢ ምዃኑ እዩ ዘርእየና።

## ኣብነት ከተሰንይልና ትኽእሊዶ ሚ/ር ሓሊማ፧

ከም ኣብነት ኣብያተ ትምህርቲ ናይ መዋእለ ህጻናት ኣብ 2014፡ 2015 ዓመተ ትምህርቲ ኣብ መላእ ሃገር 483 ነይረናና። ኣብ 1991፡ 1992 ግን ኣዝየን ውሑዳት ኣብያተ ትምህርቲ እየን ነይረን። እዚ ክሳብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋናት ቍጽሪ ናይ'ቲ ዕድል ዝረከብ ተመሃራይ መዋእለ ህጻናት ኣዝዩ ውሑድ እዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብ 2024፡ 2025፡ 2026 ግን 1952 ናይ መዋእለ ህጻናት ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። እዚ ኣዝዩ ዓቢ ዝላ ዝገበርናሉ ጽላት እዩ፡ ብቐንዱ መንግስቲ ብዝወሰዶ ኣገዳሲ ዝጉምቲ እዩ። ምናልባት ሚ/ሪ ትምህርቲ ብቐጻሊ ክሓትተሉ ጸኒሑ እዩ፡ እዚ ጽላት ናይ መዋእለ ህጻናት ኣብ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ዳርጋ ተሓጺሩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ ከምህር ዝኽእል የምህር ነይሩ። ዝበዝሐ ተመሃራይ ሕብረተ-ሰብና ኣብ ናይ ግሊ ከምህር ዘይክእል ከኣ፡ እዚ ዕድል ናይ መዋእለ ህጻናት ከይረኸበ እዩ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ቀዳማይ ክፍሊ ዝጅምር ነይሩ። ነዚ ኵነታት'ዚ ብምርዳእ ዓሚ መንግስቲ ኣብ'ዚ ናይ መዋእለ ህጻናት ደረጃ ኣዝዩ ዓቢ ወፍሪ ገይሩ፡ ከባቢ 6000 ዝኾና መምህራን ደቂ ኣንስትዮ ሰልጢነን፡ ኣብ ዝበዝሓ ዓድታት ድማ እዚ ዕድል ናይ መዋእለ ህጻናት ክኽፈት ክኢሉ ማለት እዩ። ኣዚና ዓቢ ዝላ ኣመዝጊብናሉ ዘለና እዩ ክንብል ንኽእል።

- ብዛዕባ ብቕዓተን ዝምልከት፧

ምናልባት ናይ ብቕዓት፡ ምምሃርን ካልእን ሕቶ ወይ ብድሆታት ኣብ ቀጻሊ ክንዘራረበሉ ኢና። ኣብ ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ እንተ ደኣ ርኢና ቅድሚ 10 ዓመት 955 ኣብያተ ትምህርቲ ነይረን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን፡ 1097 በጺሐን ኣለዋ። ስለ'ዚ እቲ ዕብየት ምስ ግዜ እናበረኸ ይኸይድ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ ናይ ማእከላይ ደረጃ እንተ ደኣ ርኢና ድማ፡ 352 ኣብያተ ትምህርቲ ነይረን፡ ሕጂ 469 በጺሐን ኣለዋ። ኣብ 2ይ ደረጃ ድማ 104 ነይረን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ 132 ኣለዋ ማለት እዩ። ኣብ ኩለን፡ ኣብቲ ገስጋስ ናይ'ቲ ጽላት ዕብየት ኣርኢና ኣለና። ምናልባት ዕብየት ዘየርኣናሉ ጽላት ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ክንጅምር እንከለና፡ 10 ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ተክኒካል እየን ነይረናና። ገሊአን እናተዓጽዋ መጺአን። ኣብ 2014፡ 2015 ሸሞንተ ኣብያተ ትምህርቲ ነይረናና፡ ሕጂ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘለዋ ከኣ፡ ሽዱሽተ ኣብያተ ትምህርቲ እየን። እዚ እንኰላይ ኣብ ሳዋ ዝተደኰነ ናይ ሃማሞስ ናይ ሞያ ትምህርቲ ማለት እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ተቛሪጹ ስለ ዘሎ ግን፡ ብኸምዚ ምኽንያት እዩ እቲ ቍጽሪ ናይዘን ቴክኒካል ኣብያተ ትምህርቲ ጐዲለን ዘለዋ። ስለ'ዚ ሓፈሻዊ ክንርእዮ እንከለና፡ ኣብዚ እንታይ እዩ እቲ ኣገዳሲ፡ እቲ ናይ ምጥፋእ መሃይምነት እዩ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት 906 ነቑጣታት ነይረናና፡ ኣብዚ እዋን ድማ፡ 412 ነቑጣታት ኣለዋና። ኣብዚ፡ እቲ ከጉድሎ ዝኸኣለ ረቛሒ እንታይ እዩ፧ ዝበዝሕ ህዝቢ መሃይምነት እናጥፍአ ስለ ዝኸደ እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ዕድላት እናረኸበ ይኸይድ ስለ ዘሎ እዩ። እዚ ብኣብያተ ትምህርቲ ደረጃ እዩ። ምስ ብዝሒ ናይ ተመሃሮ እንተ ደኣ ርኢና፡ ተመሳሳሊ ዕብየት ምስተን ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ እዚ ዓሰርተ ዓመት ዝተመዝገበ እዩ። ቅድሚ 10 ዓመት ዝነበረ ቍጽሪ ተመሃራይ ምስ ናይ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ እንተ ደኣ ርኢናን ኣወዳዲርናን ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘለዎ። ከም ኣብነት ኣብ ናይ መዋእለ ህጻናት፡ 42 ሽሕን 122 እዮም ዕድል ናይ ትምህርቲ ነይሩዎም። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን 100 ሽሕን 583 ተመሃሮ በጺሖም ኣለዉ። እዚ ምስቲ መንግስቲ ዝወሰዶ ስጉምታት ወፍሪ ኣብ ትምህርቲ ኣዝዩ ዕብየት ኣርእዩ ኣሎ። ኣብ መባእታ ደረጃ ብተመሳሳሊ እንተ ደኣ ርኢና፡ 361 ሽሕን 684 ቅድሚ 10 ዓመት ነይሩና። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት እንተ ደኣ ርኢና ከኣ፡ ናብ 440 ሽሕን 155 ክብ ኢሉ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ እንተ ደኣ ከይድና እውን ከምኡ 147 ሽሕን 31 ነይሩ። ኣብ'ዚ ሕጂ ድማ፡ 196 ሽሕን 795 በጺሑ ማለት እዩ። ዋላ ኣብ 2ይ ደረጃ እቲ ቍጽሪ ናይ ተመሃሮ ኣጸቢቑ እዩ ዕብየት ኣርእዩ። ቅድሚ 10 ዓመት 97 ሽሕን 217 ነይሮምና። ሕጂ ዘለዉና 109 ሽሕን 158 እዮም። ኣብ ተክኒካል እንተርኢና ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ 3613 ተመሃሮ ነይሮምና። ሕጂ ክንርእዮ እንከለና ግን፡ 629 እዮም። ሕጂ እዚ ናይ ቲበት ዓውዲ ጐዲሉ ኣሎ፡ ምኽንያቱ እቲ ቍጽሪ

ተጋኒኑ ዝመስል ዘሎ ምስ ምዕጻው ቤት ትምህርቲ ናይ ሃማሞስ እዩ ማለት እዩ። ብቑጽርን ብዝሒን መምህራን እንተ ደኣ ርኢናዮ እውን ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ በበይኑ እዋን እቲ ቊጽሪ ክብ ኢሉ ኣሎ። ቅድሚ 10 ዓመት ብዝሒ መምህራን ኣብ መዋእለ ህጻናት 1456 እየን። መብዛሕትአን እዚአን ከማን ኣብ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሓ ዝነበራ እየን። ኣብዚ ሕጂ እዋን እንተደኣ ርኢናዮ እቲ ቊጽሪ ናብ 5451 ክብ ኢሉ ኣሎ። ኣብ'ዚ ሕጂ እተን ዝበዝሓ ብደሞዝ ናይ መንግስቲ እናተኸፍላ ዝሰርሓ ዘለዋ መምህራን እየን። ኣብ መባእታ እንተ ኸይድና'ውን፣ ቅድሚ 10 ዓመት 8346 መምህራን ነይሮምና። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ፣ 12 ሽሕን 544 እዮም። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ከምኡ 3563 መምህራን ነይሮምና። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ከኣ፣ 6401 በጺሑ ኣሎ። ኣብ 2ይ ደረጃ 2800 ነይሮም፣ ኣብ'ዚ ሕጂ ሰዓት ድማ 3813 በጺሖም ኣለዉ። ኣብ ናይ ተክኒክ መምህራን እንተ ደኣ ርኢና፣ 418 ዝነበሩ መምህራን፣ ሕጂ ቊጽሮም ናብ 245 ጐዲሉ ኣሎ።

## ኣብ ትምህርቲ ንዓበይቲኸ፧

ኣብ ትምህርቲ ንዓበይቲ እንተ መጺእና፣ 994 መምህራን ኣለዉና። እዞም 994 መምህራን ዝበልናዮም ኣብ'ቲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝነጥፉ ጥራሕ ዘይኰኑ፣ ኣብቲ ሲ.ኢ.ኢ. ዝበልናዮ መደብ ዓርዮት ዝወፍሩ እዮም። ስለዚ እቲ ገስጋስ ብኹሉ ብቤት ትምህርቲ ምስራሕ በሎ፣ ብቑጽሪ ተመሃሮን መምህራንን፣ ክንርእዮ እንከለና ኣብ'ቲ ዝርገሐ ትምህርቲ ዝብል ዕድላት ትምህርቲ ኣብ ምኽፋት ዓቢ ወፍሪ ተኻይዱ እዩ። እቲ ሚ/ሪ ይኹን እቲ መንግስቲ ውጽኢት ዘርኣየሉ እዩ። ምናልባት ኣብ'ዚ ናይ 2ይ ደረጃ ክዝረበሉ ዘለዎ፣ ናይ ብሓቂ ትርጉም ከም ዘለዎ ዘርእየና ስጉምቲ፣ መንግስቲ ዝገበሮ ወፍሪ እዩ። ኣብ 2ይ ደረጃ ቅድሚ 10 ዓመትን ቅድሚኡን መምህራን መብዛሕትኦም ህንዳውያን እዮም ነይሮም። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ክንርእዮም እንከለና ግን፣ ህንዳውያን መምህራን ሓደ ክልተ እንተዘይ ኰይኖም ብምሉኡ ናይ ምምህርና ትካላትና ካብ ኮለጃትና ብዝፈረዩ መንእሰያት መምህራን ደቂ ሃገር እዩ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ከኣ ቀሊል ውጽኢት ኣይኰነን። ኣብ'ዚ ዘይጠቐስኩዎ፣ እቲ ዝተረፈ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን እዩ። እዚ ክፍሊ እዚ'ውን ዓቢ ክፍሊ ኰይኑ፣ ዳርጋ ብብዝሒ ክንርእዮ እንከለና ሚ/ሪ ትምህርቲ ከባቢ 40 ሽሕ ዝገማገም ስታፋት ኣለና። ዝበዝሐ ካብኡ እቲ መምህር እዩ። ገሊኡ ከኣ ኣብቲ ክፍሊ ምሕደራ ዝሳተፍ እዩ። ሕጂ እዚ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ምስ ምሕደራን ሕቶን መምህራን ዝተኣሳሰር ከም ሕቶ ምቕያር፣ ጥርዓን ዝምልከት ዝከታተል እዩ። ብዓቢኡ ከኣ እቲ ገንዘባዊ ምንቅስቓስን ዕማምን ብኽፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን እዩ ዝመሓደር። ብዘይካ'ዚ እቲ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሓደ 5 ዝኾና ጨናፍር ኣለውኦ። እቲ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት፣ እዚ እንብሎ ዘለና ዓቢ

ጽዕነት ናይ ዓቕሚ ሰብ ዘካይድ ኣሎ። ኣብ ርእሲኡ መፍረ ናውቲ ዝብል ጨንፈር'ውን ኣለና። እዚ እንታይ እዩ፡ ቅድሚ ናጽነት'ውን ዝጸንሐ ኰይኑ፡ እቲ ሚ/ሪ ዝሓቶ ጠለባት ምስ ምምሃር ምስትምሃር ዝተኣሳሰር ዝኾነ ዓይነት መሳለጥያ ዘዳሉ እዩ። ምናልባት ምስ እዚኣን ኣተኣሳሲረ ክገልጸን ዝኽእል ዓቢ ወፍሪ ዝሓተና እንታይ እዩ፡ እቲ ናይ ቋንቋ ኣደ ፖሊስና እዩ። ምናልባት ካብ መዋእለ ህጻናት ጀሚርና ክሳብ መባእታ ዘሎ፡ ኩሉ ዜጋ ብቋንቋ ኣደኡ እዩ ዝመሃር። ብውሕዱ ኣብ ገዛኡ ክዛረቦን ክሰምዖን ዝኽእል ቋንቋ እዩ ዝመሃር ማለት እዩ። ስለዚ ከምኡ ክትገብር እንከለኻ፡ ብኹለን ቋንቋታትና ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና ማለት እዩ። እዘን ኣብያተ ትምህርቲ እዚኣን፡ ልክዕ ከምቲ ናይ መባእታ፡ ማእከላይ ደረጃ እናበልና ዝረኣናዮ፡ ነናተን ዕብየት ኣለወን። ኣብ ርእሲኡ ኣብ'ቲ ብዝሒ ናይ ተመሃራይ'ውን፡ ዕብየት ኣለወን። ኣብ ሃገርና ሽዱሽተ ዞባታት እየን ዘለዋ። ሽዱሽቲኣን ዞባታት ድማ፡ ኣብዚ መምሃሪ ቋንቋ እንታይ ይመስላ፡ ክንዲ ምንታይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለውአን፡ ሓንቲ ኣብነት ክንወስድ ይከኣል እዩ። ኣብ ዓንሰባ እንተ ርኢና 133 ኣብያተ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ዝምህራ ነይረናና፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን 146 ኣለዋና። ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ እንተ ወሲድና 36 ነይረን፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን 52 ኣለዋ። ኣብ ደቡብ እንተ ወሲድና 217 ነይረን፡ 281 ኣለዋ። እቲ ብቛንቋ ኣደ ናይ ትምህርቲ ዕድል ምሃብ ብኻልእ ኣዘራርባ እንታይ ማለት እዩ፡ ነቲ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ዓዱ ከይድካ ቤት ትምህርቲ ምኽፋት እዩ። ስለ'ዚ ነቲ ፖሊሲ ኣብ ምዕዋት ይሰራሕ ኣሎ። ብቑጽሪ እተን ብቋንቋ ኣደ ዝምህራ ኣብያተ ትምህርትን ብቑጽሪ ተመሃሮ እንተ ርኢናዮ'ውን፡ ዓቢ ለውጢ ዝተረኣየሉ እዩ። ብ25 ሚእታዊት ኣብ ቍጽሪ ናይቲ ተመሃራይ ዕብየት ኣርእዩ ኣሎ። እቲ ብቛንቋ ኣደ ምምሃር ሕጂ ኣብ ናጽነት ዝመጽአ ፖሊሲ ዘይኰነ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ውልዶ እንከሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ፖሊሲ እዩ። ኩሉ ኤርትራዊ ብቛንቋኡ ክመሃር ኣለዎ፡ መሰሉ እዩ ዝብል እዩ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደኻ ክትመሃሮ እንከለኻ ብቐሊሉ ክርዳኣካ ስለ ዝኽእል፡ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ዝኣተወ ፖሊሲ እዩ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ንሰርሓሉ ኣለና። ናይ ብሓቂ ከኣ፡ እቲ ዕብየት ኣብ ኩሉ ተራእዩ እዩ። ምናልባት ኣብ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራን ክንመጽእ እንከለና፡ ኣብ ኩለን ዞባታትና ዋሕድን ጸገማትን ኣሎ። ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ብድሆታትና ከኣ እዚ እዩ።

**ኣብ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲ እቲ እንደልዮ ሽቶታት ንበጽሖ ኣለና ክንብል ንኽእልዶ፧**

እቲ ሽፈነ ብኹሉ ሸነኻት እንተ ደኣ ርኢኻዮ፡ ብኣብያተ ትምህርቲ ብቑጽሪ ተመሃሮን መምህራንን ዳርጋ ኣብ መላእ ሃገር በጺሕናዮ ኢና ክንብል ንኽእል።

ብፍላይ ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብዘይካ ኣብ ውሑዳት ዓድታት ገዲፍካ ኣብ ኩሉ ከባቢታትን ዓዲታትን ኣብያተ ትምህርቲ ኣለና። እቲ ናይ ማእከላይ ደረጃ ዳርጋ ተመሳሳሊ ዕብየት ኣርኢናሉ ኣለና። ኣብ 2ይ ደረጃ ክንመጽእ እንከለና፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክትገብር፡ ብዝሒ ተመሃራይ ንዕኡ ዘድሊ መምህር ክትምድብ ኣዝዩ ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓድን ምምሕዳር ከባቢን ኣይበጻሕናን ኣለና። ብውሕዱ ግን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ን/ዞባ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዘይብላ ን/ዞባ የላን። ንመጻኢ ከኣ፡ ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢታት እቲ ንሓልዮ ደረጃ ክንበጽሕ እዩ መደብና። እቲ ናይ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ሓደሓደ ግዜ፡ ብዝሒ ተመሃራይ ኣጸቢቑ ዋሕዲ እንተ ደኣ ኣሎ፡ ንኣብነት እታ ቤት ትምህርቲ ምስ ከፈትካያ ብታሕቲ ኣብ መባእታ እናተመሃሩ ዝመጽኡ ንማእከላይን 2ይን ደረጃ ዝምግቡ ተመሃሮ ክህልዉ ኣለዎም። ሕጂ ኣብ ከም’ዚ ዝጠቕሶ ዘለኹ ከባቢታት፡ ሓደሓደ ግዜ እቲ ቁጽሪ ተመሃራይ ሓጋዚ ኣይከውንን እዩ። ኣብ ገለ ከኣ፡ ምስ ኩሉ ወጻኢታት ይኸብድ። ነዚ ፍታሕ ዝገብር ግን፡ ሓደ ጥበብ ኣለና። ኣሕደርቲ (ቦርዲን) ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። ብፍላይ ኣብ ዞባታት ደቡባውን ሰሜናውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ኣሕደርቲ ቤት ትምህርቲ ኣለዋ። ኣብ ደቡብ እውን፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣላትና። እዘን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ እዚአን፡ እተን ዝበዝሓ ተቐቢለን ኣብኡ ዝምህራ ክኾና እንከለዋ፡ ገሊአን ከኣ መደቀስን መመገብን ዘማልኣ እየን። እዚ ንምንታይ እዩ ከምኡ ተገይሩ እንተደኣ ኢልና፡ ንኹሉ ከባቢታት እቲ ዕድል ናይ ትምህርቲ ብዘይ ጸገም ንምብጻሕ ዝዓለመ እዩ። ንኣብነት ኣብ ዙላ እንተደኣ ወሲድና ማእከላይ ደረጃ ኣለና፡ 2ይ ደረጃ ግን የብልናን። ስለ’ዚ ኣብ ዙላ ዘሎ ህዝቢ፡ ማእከላይ ደረጃ ምስ ወድአ ናበይ ክኸይድ እዩ፧ ናብ ብዓል ፎሮ ክመጽኡ እንተደኣ ኰይኖም ገዛ ተኻርዮም እዮም ክነብሩ። ነዚ ዝጸውር ህዝብና ከኣ፡ ውሑድ እዩ። ስለ’ዚ ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምስ ራሕቂ ዝጽገሙ ሰባት፡ እቲ ቦርዲን ኣብያተ ትምህርቲ ምግባር፡ ውጽኢታዊ ይገብሮ። ከም ኣብነት ኣብ ዞባ ማእከል ድርፎ እንተ ደኣ ወሪድና፡ ማእከላይ ደረጃ ኣለና፡ 2ይ ደረጃ ግን የብልናን። 2ይ ደረጃ ክመሃሩ እንተ ኾይኖም፡ ኣስመራ ክመጽኡ ኣለዎም። ካብ ኣስመራ ናብ ገዛኦም መዓልታዊ ክመላለሱ ኣይክእሉን እዮም፡ ስለ’ዚ ተኻርዮም እዮም ክመሃሩ። ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተመሃሮና ወይ ዝተወጽዐ ህዝብና እቲ ትምህርቲ ብዝግባእ ንምብጻሕ እዘን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ኣገልግሎተን ይህባ ኣለዋ። ካልእ እዘን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጥራሕ ዘይኰናስ ሓውሲ ቦርዲን እንብለን ኣለዋና። ተመሃሮ ምስ ስድራኦም ከይዶም እዮም ዝሓድሩ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ግን ይቌርሱን ይምስሑን። እዚ ከኣ፡ እቲ ናይ ቍጠባ

ጸገም ዘለዎ፡ ብሰሪ ስእነትን ራሕቂ ቦታን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይበኵር ዝተገብረ ወፍሪ እዩ። ዝበዝሐ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እቲ ዓድታት ኣዝዩ ርሑቕን ዝተፈናተተን ቦታታት ስለዝኾነ፡ ከምዘን ዝጠቐስኩልካ ብዙሓት ከምዚኣን ሓውሲ ቦርዲን ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። እዚ ከኣ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ትምህርቲ ንምንጋስ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት እዩ። በቲ ካልእ ድማ፡ “እቲ ትምህርቲ ንኹሉ” እንብሎ መርሓ ጕደና ዝኽተል እዩ ማለት እዩ።

## ሕቶ - ኣብ ትሕቲ ቅርጺ ኸ፤

ኣብ'ቲ ትሕተ ቅርጺ ክንመጽእ እንከለና፡ ትሕተ ቅርጺ ሓደ ካብቲ ብድሆና እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዙሓት ካብዘን ኣብያተ ትምህርትና፡ በቲ ናይ ቀደም ዝጸንሐን ምሉእ ዝኾነ ትሕቲ ቅርጺ ከገልግላ ዝጸንሓ እየን። እንተኾነ ምስ ዕድመ ምንዋሕ ዳርጋ እናኣረጋ ይኸዳ ኣለዋ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ምጽጋን ዘድልየን እየን። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይግባእ፡ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት ዝተኻየደ ንጥፈታት ቅድሚ ትምህርቲ ነይሩ እዩ። መንግስቲ ኣብያተ ትምህርቲ ብምስራሕ ዓቢ ወፍሪ ከካይድ ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት እቲ ምስራሕ ክብድ ዝበለ እዩ። ከቢድ ወጻኢ ዝሓትት እዩ። ሕጂ ኣብ ምስራሕ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሕግዝና ዘሎ ህዝቢ እዩ። ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ህዝቢ ገንዘብ ብምውጻእን ጉልበቱ ብምውፋይን ንዘንንፍ ዋሕዲ ኣብያተ ትምህርቲ ይሳተፍ ኣሎ። መንግስቲ ከኣ፡ ናቱ ዓቕሚ እናገበረ ይኸይድ ኣሎ።

- እወ።

ትሕተ ቅርጺ ክንብል እንከለና፡ ዋላ እዘን ዓንተቦይ ዝጠቐስናየን ኣብያተ ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት፡ ክፍትና ዕድል ኢና ሂብና እምበር ናይ ብሓቂ እቲ ትሕተ ቅርጺ ተማሊኡ ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ትዛረበሉ ኣይኰነን። ስለ'ዚ ትሕተ ቅርጺ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓቢ ወፍሪ ዝሓትት ስራሕ እዩ። እቲ ሚ/ሪ ይኹን መንግስቲ ኣቓልቦ ገይሩ ምስ ግዜ እናዓመሞ ዝኸይድ ስራሕ እዩ። ምስ እዛ ትሕተ ቅርጺ ዘምጸኻያ ሕቶ እታ ብቕዓት ትብል እያ። ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ሚ/ሪ ትምህርቲ ናይ ካሪክለም ገምጋምን ክለሳን ኣካይዱ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጸገም ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብቲ ስርዓተ ትምህርትና ዘሎ ብድሆ ናይ ብሓቂ በቲ ዝደለናዮ ዘይተዓወትናሉ እዚ ናይ ብቕዓት ሕቶ እዩ። ዕድላት ኣብ ምኽፋት ግን፡ ብዙሕ ነገራት እዩ ተሰሪሑ። ኣብ ብቕዓት ግን ገና ዝጐደለና ነገራት ኣሎ። ከም ኣብነት እዞም 12 ክፍሊ ወዲኦም ማትሪክ ሓሊፎም ኣብ ኮለጃትና ዝኣትዉ ዘለዉ ተመሃሮና፡ ጸቒጦም ብምስራሕ ኣብ ዓወት ዝበጽሑ ዘለዉ ተመሃሮ እንተ ደኣ ርኢኻ ወይ ብዝተፈላለየ መንገድን ዕድላትን ኣብ ደገ ከይዶም ዕድል ዝረኸቡ ክትርኢ እንከለኻ፡ እቲ ካሪክለምና ብቕዓት ከም

ዘለዎ ትርዳእ ኢኻ። እንታይ ደኣሉ ዝጐድለና ዘሎ፡ እቲ ዝበዝሐ ተመሃራይና ዕዉት ኲይኑ እቲ ዝድለ ብቕዓት ዘየምጽእ ዘሎ እንተ ደኣ ኢልና፡ እቲ ሚ/ሪ ገምጊምዎ ብዘሎ ሓደ እቲ መምህር እዩ። ናይ ብሓቂ ብቕዓት ዘለዎ ስራሕ ክትሰርሕ እንተደኣ ኴንካ፡ ብቑዕ መምህር ከተፍሪ ኣለካ። ስለዚ ሓደ ካብቲ ብድሆ ነዚ ናይ ብቕዓት ናይ ትምህርቲ ተንኪፍዎ ኣሎ እንብሎ፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራና እዚ ጸገም እዚ እዩ። ብቁጽሪ ይኹን ብዓይነት እዞም ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራንና እቶም መሰረታዊ ዝምህሩ መምህራን ክንሶም ኣብዚ ርኡይ ጸገማት ኣሎ። ተመሃራይ መሰረት ከተትሕዞ እንተ ዘይ ክኢልካ፡ እቲ ድሕሪኡ ዘሎ፡ ከምዚ መሰረታ ዘይጠዓየት ህንጻ ትፈርስ ልክዕ ከምኡ እዩ። ስለዚ ናይ ብሓቂ ኣብ ሕቶ ብቕዓት ክንመጽእ እንከለና፡ ኣብቲ ገምጋም ዝገበርናዮ፡ ኣብ መምህራን ኣተኲርና ክንሰርሕ ከም ዘለና እዩ። እዚ እቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ገምጋም ገይሩ ጥራሕ ዘይኰነ፡ በዓቢኡ መንግስቲ ኣላልይዎ ዘሎ ጸገም እዩ። ነዚ ንምፍታሕ ድማ ኣብ መጻኢ ዓቢ ስራሕ ከድልየና እዩ።

## ብዛዕባ ብቕዓት መምህራንናኸ፧

ብቕዓት ናይ መምህራን ክንብል እንከለና እንታይ እዩ፡ ሓደ መምህር ክምደብ እንከሎ ድሌት ናይ ምምህርና፡ ብምምህርና ብምዕባይ ናይ ስራሕ መንፈስን ወኒን ክህልዎ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ እዚ በቲ ዝምህሮ ዓይነት ትምህርቲ ፍልጠት ክዓጥቕ ኣለዎ። ናይ ቊጽሪ መምህር እንተደኣ ኰይኑ፡ ብቊጽሪ ክበስል ኣለዎ። ናይ እንግሊዘኛ እንተኹይኑ ከኣ ናይ ብሓቂ ብኡ ዝበሰለን ዝዓበየን ክኸውን ኣለዎ። በቲ ሓደ ወገን ማዕረ ማዕሪኡ ድማ፡ ብስነ-ምምህርና እናዓበየ ክኸይድ ኣለዎ። ነዚኦም ክልቲኦም ኣዛሚድና ብቑዓት መምህራን ኣብ ምፍራይ ስራሕ የድልየና ከም ዘሎ እዩ ዝግምገም ማለት- እዩ።

## ኣብ'ዚ ዝተላዕለ ብዛዕባ ሕቶ ብቕዓት፡ ብቕዓት ትምህርቲ ብጾታ ክንርእዮ እንከለና ከመይ'ዩ ዝመስል፧

ሓደ እቲ ትምህርቲ ንኹሉ ንብሎ ዘለና፡ ብዓይኒ ጾታ፡ ብሄር፡ ናይ ስንክልና ጸገም ዘለዎም . . . ንኹሉ እዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ንኹሉ ዘጠቓልል ትምህርቲ ክወሃብ ኣለዎ። ንሱ እዩ እቲ ዝዓበየ ዕላማ። ነዚ ኢና ድማ ጸቒጥና ንሰርሓሉ። ኣብ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን እንተደኣ ርኢና፡ ብሃገር ደረጃ ክንዛረብ እንከለና፡ እቲ ኣብ መንጎ እዚ ክልተ ጾታ ዝነበረ ዓቢ ጋግ ሎሚ ኣዝዩ እዩ ጸቢቡ። ብፍላይ ኣብ ገሊኡ ዞባታት እተን ደቂ ኣንስትዮ ብብቕዓትን ቊጽርን እንተደኣ ርኢኻየን ብቕተን ኣርእየን እየን። እዚ ከኣ ብሚ/ሪ ትምህርቲ ሓያል ጻዕሪ ተገይሩሉ እዩ። ብዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ - ብህግደፍ፡ ሃማመተኤ፡ ሃማደኤ ብኹሉ ጐስጓስ ተገይሩሉ እዩ። ናይ ብሓቂ ከኣ ካብቲ ዝተዓወትናሉ መደባትና እዩ። ብሃገር ደረጃ ክንከይድ እንከለና ግን፡ ኣብ

ገሊኣን ዞባታት ሕቶ ተሳተፍነትን ብቕዓትን ኣብ ትምህርቲ ገና እዩ ዘሎ። ብደረጃ ብሄር ክንርእዮ እንተኾይንና'ውን ኣብ ከም ብዓል ብዳዌት ዝኣመሰለ እንተደኣ ርኢና ደቂ ኣንስትዮ ጠቕላላ ይመሃራ ኣይነበራን። ሕጂ ቁሩብ ዕብየት ኣርእየን ኣለዋ። ምስ ካልኦት ብሄራትና ክንርእዮን ከነወዳድሮን እንከለና ግና፡ ናይ ብሓቂ ስራሕ ዝደሊ ጉዳይ እዩ። ኣብ ብዓል ዓፋርን ናራን እንተደኣ ከይድና'ውን ብመጠኑ ገና ስራሕ ዘድልዮ ጉዳያት ኣሎ። እቲ ሃገራዊ ስታስቲክስ ሓደ ሓደ ግዜ የደናግረና እዩ። ማለት'ሲ ጽቡቕ እዩ ዝመስል። ብደቂቕ ኣቲኻ ናብ ዞባ/ ን/ዞባ፡ ዓዲ፡ ብሄር፡ ቋንቋ ክትርእዮን ክትግምግሞን እንከለኻ ግን፡ ገና ምትብባዕ ዘድልዮ ሕብረተሰብ ኣለና። ምናልባት ኣብቲ ሚ/ሪ ንጥቀመሉ ኣገባብ ኣሎ። ምስ እዞም መሻርኽትና ብምትሕብባር፡ ከምቲ ዝበልኩዎ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዘለዉ ብሄራትና፡ እተን ደቂ ኣንስትዮ ማእከላይ ደረጃ በጺሐን መታን ከየቋርጻ ኣብ 6ይ፡7ይ፡ 8ይ ኣብ ትምህርተን ክሕግዘን ዝኽእል ነገራት መተባብዒ ናይ ገንዘብ እንገብሮ ምትእትታዋት ኣሎ። እወታዊ ለውጢ'ውን ኣለዎ። እንተኾነ ካብዚ ዘለዎ ንኽዓቢ ግን፡ ብዝለዓለ ክንሰርሓሉ ኢና።

**ቀጽሊ ክብርቲ ሚ/ር**

ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ ኣብ መባእታ ክንመጽእ እንከለና እቲ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ኣሎ። ኣብ መዋእለ ህጻናት በዚ ዓሚ መንግስቲ ዝወሰዶ ተበግሶ ወይ ወፍሪ ዳርጋ ኩለን ተበጺሐን ኣለዋ። ክንሰርሓሉ ዘለና ጉዳያት ግን ኣሎ። ጸገም ኣሎዶ እንተደኣ ኢልኩምኒ ግን ብርግጽ ኣሎ።

**- ከተብርህልናዶ ሚ/ር፧**

ከም ኣብነት ኣብ'ቲ ናይ 8ይ ክፍሊ ናይ ሃገራዊ መርመራ ክንርኢ እንከለና፡ ኣብ ገለ ብሄራት መባእታ ክመሃሩ ጸኒሖም ኣብ ማእከላይ ደረጃ ኣይበጽሑን። ወይ ድማ ብቕዓት ናይ'ቲ ትምህርቲ ዘለዎም ኣይኰኑን። እዚ ከኣ ብቕዓት ናይቲ ትምህርትን ናይ መምህራንን ከኣ ብቐንዱ ኣብዘን ናይ ቋንቋ ኣደ ዝምህራ ኣብያተ ትምህርትና ጸገም እዩ። ዓቢ ስራሕ'ውን ዝሓትት እዩ። ዋላ ናይ ማትሪክ ውጽኢት ናይ ሳዋ ገምጋማትና ክንርኢ እንከለና እውን፡ እቲ ዝበዝሐ ናብ ሳዋ ዝወርድ መን እዩ፧ ናይ ብሓቂ በቲ ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ዝርግሐ ከየቋረጸ ተማሂሩ ዝወርድ ዘሎ ድዩ፧ ናይ 12 ክፍሊ ምውዳእ ዘለዎ ድዩ እንተደኣ ኢልና ግን ናይ ብሓቂ ሓደ ካብቲ ክንሰርሓሉን ክንደፍኣሉን ዘለና ዓበይቲ መደባትና እዩ ማለት እዩ።

**ማእከል ምድላው መምህራን ኣስመራ ብዙሓት መምህራን የፍሪ ከም ዝነበረ ይፍለጥ እዩ'ሞ፡**

ኣበርክቶኡ ኣብ ምፍራይ ብቑዓት መምህራን ከመይ ይግምገም፧ ኣብዚ ምድላው መምህራን ኣስመራ እዚ ቲ.ቲ.ኣይ እንብሎ፡ ንባዕለይ 15 ዓመታት ዝኸውን ሰሪሐሉ እየ። ብሰርቲፍኬት ዝሰልጠኑ መምህራን ኢና ነውጽእ ነይርና። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ 'እዚ ብቕዓት የብሉን ዲፕሎማ ክኸውን ኣለዎ' ዝብል እዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብዚ እንገብሮ ዘለና መጽናዕቲታትን ገምጋማትን ግን፡ ኣብ ሚ/ሪ ትምህርቲ እቶም ዝሓሹ መምህራን ኰይኖም ዝሰርሑ ዘለዉ ንሶም እዮም። ምኽንያቱ ሓደ፡ ዋንነት ኣለዎም። ከምዚ ኣነ ንሚ/ሪ ትምህርቲ ከምዚ ገዛይ ዝሓስቦ፡ ከምኡ ዋናታት እዮም። ክዓብዩን ክመሃሩን እዮም ዝደልዩ እምበር ክእለዩ ኣይደልዩን እዮም። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ነቲ ናይ ቋንቋ ኣደ እንብሎ ኣብ መባእታ ዝነበረ ጸገማትና ይፈትሕዎ እዮም። ስለዚ፡ ኣብዚ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ፡ መምህራን ኣብ ምፍራይ፡ ቀጻልነቱ ዘይምውሓስና፡ ኣብቲ ስርዓተ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብቲ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራን ብዙሕ ጸገም ፈጢሩ እዩ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ እንሰርሓሉ ዘለና ሕቶ እዩ። ምናልባት እታ ቲ.ቲ. ኣይ ክትምለስ ዘይክትምለስ ብዙሕ መዛረቢ ኣይኰነን። ግን፡ መምህራን ዘፍሪ ትካል ክህሉ ከም ዘለዎን፡ ክህሉ ጥራሕ ዘይኰነስ ካብቲ ናይ ቀደሙ ንላዕሊ ክሰርሕ ከም ዘለዎን፡ ሓደ ካብቲ ምስ መንግስቲ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ ዘሎ እዩ። መንግስቲ'ውን ባዕሉ ሓሲቡሉ፡ እዚ 'ኮለጅ ኦፍ ኢዱከሽን' ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዘሎ፡ ብኹሉ ደረጃኡ ንሚ/ሪ ትምህርቲ ዘገልግል፡ ኩሎም ጽላታቱ ብቑዓት መምህራን ዘፍሪ ብፍላይ ኣብ ቋንቋ ኣደ ክኸውን ከኣ ሓደ ካብቲ ብዕቱብ እንሰርሓሉ ዘለና እዩ።

**ሓሕራይ ዶ/ር ሓሊማ፡ መሻርኽቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝበሃሉ ብዓል መን እዮም፧**

ብሓፈሻ ምስ መሻርኽቱ ዘካይዶም ንጥፈታት ትምህርቲ ከመይ እዩ፧ ትምህርቲ ከምዚ ኩልና እንርደኦ፡ ንሓደ ጽላት ገዲፍካ ክዕወት ኣይክእልን እዩ። ስለ'ዚ ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብ ትምህርቲ መሪሕ እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ካሪክለም የዳሉ፡ መምህራን ይቕርብን የማእዝንን ማለት እዩ። ብዛዕባ መሻርኽቲ ክንዛረብ እንከለና ግን፡ ብዓቢኡ መሻርኽቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ህዝቢ እዩ። ከምኡ ክንብል እንከለና ኣብ'ቲ ሕብረ-ተሰብ ጸቒጥና እንሰርሓሉ ፒቲ ኤስ ኤ እንብሎ፡ ኮሚተ ናይ ወለዲ፡ መምህራን ተመሃሮ ማለት እዩ። እዚ ኣብ ነፍሲወከፍ ዘሎ እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ካብቲ ነባሪ ዝወጽእ እዩ። እዚኦም ናይ ብሓቂ ነቲ ናይ ትምህርቲ ኣካይዳ ዝሕግዙ እዮም። ኣብ ምሕደራ ናይ ቤት ትምህርትን ትምህርትን ይሕግዙ፡ ስነ-ምግባር ናይ ተመሃሮ ኣብ ምኽባር ይሳተፉን ይሕግዙን። ንተመሃሮን ወለድን ምስ ቤት ትምህርቲ መራኸቢ ኰይኖም ይሰርሑ። ኣብ ጸገማት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ከኣ ቀዳሞት ተሰለፍቲ እዮም። ምኽንያቱ መንግስቲ ብዝተኻእሎ፡ እቲ ናይ ትሕተ ቅርጺ ዕማም ይገብር፡ ኣብ

ርእሲኡ ናይ መምህራን ደሞዝ ይኽፍል። ብተወሳኺ፡ ሕቶ ናይ ካሪክለም መጻሕፍቲ ይሸፍን። ትምህርቲ ግን እዚ ጥራሕ ኣይኰነን ዘድልዮ፡ መካየዲ ዝበሃል ነገራት ኣሎ። ቤት ትምህርቲ ይኣርግ፡ ዝተፈላለዩ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን ኣብያተ ጽሕፈትን ወረቓቕትን የድሊ። ኲታ ብዙሕ ነገራት እዩ ኣብ ትምህርቲ ዝሃልኽ። ስለዚ ተወሳኺ ካብ ህዝቢ ሓገዛ እናዋጽኡን እናተሓባበሩን ዝሰርሑ እዞም ኮሚቴ ወለዲ እዮም። በዚ ኣጋጣሚ ብልቢ ኢና ነመስግኖም። እቲ ዝገርመካ ንሕና ከም ስርሖም ገይርና ኢና ከኣ እንርእዮም። ኣብቲ ሕብረተሰብ እዚኦም ክፋል ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ኰይኖም ዝሰርሑ ስለዝኾኑ። በዚኦም ኣቢሉ እቲ ሕብተሰብ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዓቢ ኣበርክቶ እዩ ዝገብር። ኣብ ሃገርና ከምቲ ንፈልጦ ካብ መዋእለ ህጻናት ጀሚርካ ክሳብ ኮለጅ ዝወሃብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናጻ እዩ። ናጻ ክኸውን እንከሎ ግን፡ ኣበርክቶ ናይ ህዝቢ ኣጸቢቑ ዓቢ እዩ። ደ ካብቲ ብዕቱብ እንሰርሓሉ ዘለና እዩ።

**ሕራይ ሚ/ር፡ ብንጹር ህዝቢ እንታይ'ዩ ዝገብር፧**

ህዝቢ ኣብያተ ትምህርቲ ይሰርሕ፡ መምህራኑ የተባብዕ፡ ንቤት ትምህርቲ የገድስን የማዕብልን እዩ ኣብ ዝበሃል ነገራት ብቐዳምነት ዝሳተፍን ኣበርክቶ ዝገብርን ህዝቢ እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ፡ በቲ ሓደ ወገን እቲ ወጻኢታት ናይ መንግስቲ እዩ፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ብውህሉል ተሳታፍነት ናይ ህዝቢ እዩ። ካልኦት ጽላታት ክንብል እንከለና፡ ናይ ማሕበራት ኣለዉ፡ ህግደፍ ኣሎ ብዓቢኡ፡ ሃማመተኤ፡ ሃማደኤ፡ ምምሕዳራት . . . ናይዚኦም ተሳትፎ ኣዝዩ ዓቢዓቢ እዩ። ምምሕዳራት ክንብል እንከለና፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ን/ ዞባ፡ ዞባ ወዘተ መሻርኸትና ጥራሕ ዘይኰኑስ፡ ትምህርቲ ከም ቀዳማይ ስርሖም ርእዮም እዮም ዝሰርሑሉ። ናይ ብሓቂ ህዝቦም ወዲቦም ኣብ ስራሕ ዝነጥፉ ዘለዉ እዮም። እዞም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎም ኣካላት መንግስቲ ድማ፡ ብመልክዕ ጕስጓሳት ተመሃሮን ሕብረተሰብን ብዛዕባ ትምህርቲ ዘለዎም ኣጠማምታ ኣብ ምንቃሕ ዝሳተፉ እዮም። ምኽንያቱ ተመሃራይ ቀለም ጥራሕ ኣይኰነን ዘድልዮ። ብዓቢኡ ተመሃራይና ብኽብርታት ታሪኹን ባህሉን ተኹስኵሱ ክዓቢ ኣለዎ። ኣብዚ እቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ በይኑ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ስለዘይኰነ፡ እዞም ኣካላት እዚኦም ወሳኒ ተራ ኣለዎም። ብፍሉይ ኣሃዱታት እናጠቐስና እዚኦም ከምዚ ይገብሩ፡ እዚኦም ከኣ ከምዚ ይገብሩ'ኳ እንተዘይ በልና፡ ኩሉ በብናቱ ኣብ ምሕያልን ምምዕባልን ትምህርትን ትሕተ ቅርጽን ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ እዩ ዘለዎ። ከም ኣብነት ሚ/ሪ ምክልኻል እንተወሲድና፡ ኣብ ኩሉ ዓድታት ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኣባላት ምክልኻል፡ ኣብያተ ትምህርቲ ይሃንጹ እዮም። ኩሉ በብሞያኡ ንትምህርቲ ክሕግዝ ዘይብገስ ሰብን ኣካልን የለን።

- ካልእከ፧

ካልእ፡ ናይ ደገ መሻርኽቲ ኣለዉና። ኣዝዩ ውሑድ እዩ ካብቲ ናይ ደገ ንረኽቦ፡ ዝበዝሐ ህዝብን መንግስትን ዝሸፍኖ እዩ። እንተኾነ ብዓቕምና ካብ መሻርኽትና እንረኽቦ ነገራት፡ ኣብቲ ኣቐዲመ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝጠቐስኩዎ ውጹዕ ዝበሃል ከባቢ፡ ሕቶ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሕቶ ስንኩላን፡ ሕቶ ኣዝዩ ርሑቕ ዝኾነ ከባቢታት ኣብ ግምት ኣትዩ እዩ ዝትግበር። ከም ኣብነት ኣብ ኣስመራ ዘላ ቤት ትምህርቲ፡ ብዓቕሚ ናይ ህዝቢ ሶላር ክትገብር ትኽእል እንተደኣ ኰይና፡ ኣብ ኣዱብሓ ወይ ካልእ ርሑቕ ዘላ ቤት ትምህርቲ እዚ ዕድል'ዚ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ቤት ትምህርቲ ኣለሊና፡ እተን ካብ መሻርኽትና ውሑድ ቊሩብ ቊራቦ እንረኽበን ኣብ ከምዚ ነውዕለን ማለት እዩ።

- ኣብ ስርዓተ ትምህርትና ዛጊት እንታይ ክለሳን ገምጋምን እዩ ተገይሩ፧

ዝተሰርሐ ነገራት እንታይ ይመስል፧ እቲ ካሪክለም ዳይናሚክ እዩ። ወትሩ ምስ ግዜ ክኸለስ ወይ ክመዓራረ እዩ ዘለዎ። ምኽንያቱ ግዜ እናወሰኸ እናማዕበለ ክኸይድ እንከሎ፡ ብኡ መሰረት ከኣ፡ እቲ ካሪክለምካ 'ሪኣድጃስት' ክትገብሮ ወይ ምስኡ ከተመዓራርዮ ትግደድ ኢኻ። ኣብ 2001፡2002 ከምቲ ትዝክርዎ፡ እቲ እንጥቀመሉ ዝነበርና ካሪክለም ተኸሊሱ ሓዲሽ መጻሕፍቲ፡ ሓዲሽ ካሪክለም ኣምጺእና። ናይቲ ሽዑ ሓዲሽ ካሪክለም እንብሎ መሰረቱ እንታይ እዩ፧ እቲ ናይ ምዘና ስርዓትና 'ኖርም ሪፈረንስ' እዩ ነይሩ። እዚ ኖርም ሪፈረንስ እንታይ እዩ፧ ተመሃራይ ምስ ተመሃራይ ኢኻ ተወዳድር። ኣብዚ ሽዑ ዝመጽአ እንጥቀመሉ ካሪክለም ግን፡ ተመሃራይ ሓደ ረቛሒታት ክመሃሮም ዘለዎ ወይ ከጥርዮም ዘለዎ ክእለት ሰሪዕካ ብመጠን ናቶም ኢኻ ትመዝኖም ማለት እዩ። ኣብቲ ናይ ኣገባብ ኣመሃህራና፡ እዚ ተመሃራይ ዘማእከለ ፔዳጎጂ ኢና ኣምጺእና። ምኽንያቱ ቀደም እንታይ እዩ ነይሩ፡ ዝበዝሐ እዚ 'መምህር ዘማእከለ' እንብሎ፡ መምህር ዝዓብለሎ ኣገባብ ኣመሃህራ ኢና ንጥቀም ነይርና። መምህር ዝዓብለሎ እንተኾይኑ፡ እቲ ተሳታፍነትን ርእሰ ምትእምማንን ናይ ተመሃሮ ይጕድል። ካልእ ብዓቢኡ እቲ ካሪክለም 'ኣውት ካም በይዝድ'፡ ማለት ኣብ ውጽኢትን ክእለትን ዘድሃበ እዩ። ኣብ ክንዲ ትሕዝቶ ጥራይ፡ ንኣብነት፡ 1ይ ክፍሊ ጥራይ ክውዳእ ኣለዎ ኣብ ክንዲ፡ 1ይ ክፍሊ እዚን እትን ክእለታት ከጥሪ ኣለዎ ትብል። ስለዚ በዚ እዩ እቲ ናይ 2001፡2002 ካሪክለም ተኸሊሱ።

እዚ ኣብ'ዚ ቀረባ ክልተ ሰለስተ ዓመት ዝተገብረ ክለሳ ኣብ ምንታይ ዘድሃበ እዩ ነይሩ፧

ኣዝዩ ጽቡቕ ሕቶ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተገብረ ገምጋም፡ ኣይንቕይሮን ኢና። ገምጋማትና ኣብ ምንታይ ዘድሃበ እዩ ነይሩ፡ ብጥቕልል

ዝበለ ኣገላልጻ ጸገማትና ኢና ኣለሊና። እቲ መሰረታዊ ሳይንስ ኣይንቕይሮን ኢና። ብኡ ኢና ክንከይድ። እቲ ተመሃራይ ዘማእከለ እንብሎ፡ እዚ ናይ ምዘና ስርዓትና፡ ብዓቢኡ ኣብ እቲ ካሪክለም ኣብ ውጽኢት ዝተመርኰሰ ምዃኑ፡ ሕጂ ዝቕየር ኣይኰነን። ንሱ ኣይኰነን እቲ ጸገም። እቲ ዘለለናዮ፡ እንታይ እዩ ሽግርና ዝብል እዩ። ሓደ ካብቲ ዘለለናዮ እቲ ካብ 1ይ ክፍሊ ክሳብ 12 ክፍሊ ዝወሃብ ዝነበረን ዘሎን ስርዓተ ትምህርትና ኣብ ቀለም ዘድሃበ እዩ። ናይ ስራሕን ሞያን ክእለታት ከጥሪ ንተመሃራይ ሓጋዚ ኣይነበረን። ስለዚ'ዩ 12 ክፍሊ ምስ ወድአ እቲ ተመሃራይ፡ ንሕና ኤርትራ ከም ንእሽቶን ድኻን ሃገር ዋላ ኣብተን ዓበይትን ኣዝየን ዝማዕበላን ሃገራት ኩሉ ተመሃራይ ናብ ዩንቨርሲቲ ኣይኣቱን እዩ። ግን ሓደ ዝተወሰነ ትምህርቲ ምስ ተመሃረ ብኡ ክእለት ኣጥርዩ ናብ ስራሕ ዓለም ክዋፈር ክኽእል ኣለዎ። ሓደ ካብቲ ኣለሊናዮ ዘለና ጸገም ናይ ካሪክለምና፡ ክሳብ 12 ክፍሊ እቲ ዝበዝሐ ተመሃራይና ብቐለም ጥራይ ኣብ ክንዲ ዝውድእ፡ ከመይ ገይሩ እዩ ሞያ ከም ዘጥሪ ዝገብር ዝብል ነጥቢ እዩ። ዘቕረብናዮ እማመ'ውን ኣሎ። ነዚ ኣብ ምቕያርን ኣብ ምኽላስን ድማ ክንሰርሕ ኢና ማለት እዩ። እቲ ካልኣይ፡ ከምቲ ዓንተቦይ ዝበልኩዎ ናይ ቲበት ወይ ናይ ሞያ ጽላትና ንምዕባይ እዩ። እቲ ሳልሳይ፡ ጸገማት ናይ ካሪክለም ዘለለናዮ፡ ሕቶ መምህር እዩ። እቲ ኣብ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዘሎ ሰራሕተኛ መምህር፡ 5 ዓመት ሰሪሑ ናብ ሞያኡ ዝኸይድ እንድሕር ኰይኑ፡ ናብ ሞያኡ ክኸይድ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ስርዓተ ትምህርቲ ግን ሓጋዚ ኣይኰነን። ቀጻሊ ሓዲሽ- ሓዲሽ እናምጻእካ ዋና ዘይብሉ ኢኻ ትገብሮ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ ኣብ ክለሳ ናይ ካሪክለም ዘለለናዮ እዩ። ብኡ መጠን፡ ናይ ብሓቂ መምህራን ኢና ኢሎም ረጊኦም ፈትዮም ረድዮም ክእለት ኣጥርዮም ነቲ ትምህርቲ ከም ናቶም ሒዞም ዝሰርሑ መምህራን ኣብ ምፍራይ ከኣ፡ ክስራሕ ከም ዘለዎ እዩ እቲ ገምጋማትና በጺሕዎ ዘሎ ነጥብታት። ስለዚ እዚ እቲ ኣብ ክለሳ ዝተረኽበ እዩ። እንታይ እዩ መደባትና ኣብ ዝብል ከኣ፡ ብደቂቕ ክንዘራረበሉ ንኽእል ኢና።

**ብዛዕባ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝበሃል'ከ ሓበሬታ ክትህብናዶ ትኽእሊ፧**

እዚ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝበሃል፡ እዚ 'ኦልተርነቲቭ ሞር' እንብሎ፡ ሓደ ሰብ ኣብ እቲ ስሩዕ ትምህርቲ ክመሃር እንተ ደኣ ዘይክኢሉ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ካብቲ ስሩዕ ትምህርቲ እንተ ደኣ ወጺኡ፡ ስርሑ እናሰርሐ ይውዕል፡ ኣብቲ ግዜ ምሸት ከኣ፡ ነብሱ ከማዕብልን ክፈልጥን ምሸታዊ ይመሃር። እዚ እዩ እቲ ዕላማ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፉል ዝጠቐስኩዎ፡ ዕድል ናይ ትምህርቲ ዝሓለፎም እዞም መደብ ዓርዮት እንገብረሎም፡ ዕድል ዝሰኣነ ወይ ብዝኾነ ምኽንያታት ናይ ቀትሪ ንኽመሃር ዕድል ዘይረኸበ ሰብ ምሸታዊ

ትምህርቲ ንኽመሃር ዕድል ክረክብ ኣለዎ። ኣብዚ ናይ 35 ዓመታት ክንርኢ እንተ ደኣ ኬንና፡ ብፍላይ ኣብተን ፈለማ 10 ናይ ናጽነት ዓመታትና እዚ ኹሉ ተጋዳላይ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይወደአ፡ ነቲ ኣብዚ ዝነበረ ህዝቢ'ውን ኣተባቢዑ፡ እዚ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ኣዝዩ ውዕዉዕ እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን እዚ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ከምኡ ኣይኰነን ዘሎ።

እዚ ብዝተፈላለየ ክትንተን ይከኣል እዩ። ሓደ፡ እቲ ሰብ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ይረክብ ስለ ዘሎ እዩ፡ ምኽንያቱ ቀደም፡ እቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ይኹን ኣብዚ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ዝነበረ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዕድላት ናይ ትምህርቲ ኣይነበሮን። ስለ'ዚ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ገይሩ ዕድላት ይረክብ ነይሩ። ሕጂ ግን ስሩዕ ትምህርቲ ይረክብ ስለ ዘሎ እቲ ሰብ፡ እዚ ዝበልኩዎ ዝርገሐ እውን ስለ ዘሎ፡ ነዚ ኣጕዲልዎ ዘሎ እዚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ኩልና ንፈልጦ፡ እዚ ናይ ሃገራዊ ዕማምና ከኣ፡ ሰብ ኣብ ዝተመደቦ ተመዲቡ ሃገራዊ ዕማሙ ክገብርን ክፍጽምን ቀዳምነታትና ስለ ዝኾነ፡ እቲ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝሒሉ ክኸውን ይኽእል። ከም ኣረኣእያ ግን፡ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ዕድል ክህልዎ ኣለዎ ሰብ። ንኣብነት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዓረብ፡ ጥልያን፡ ፈረንሳ፡ እንግሊዝ ክትመሃር ትኽእል። ስራሕካ እናሰራሕካ ክትመሃር ትኽእል። ንኣብነት ብገለ ዓይነት ትምህርቲ ወዲእካ ኣብ ህይወትካ ክትቅየር ትኽእል። እቲ ናይ ምሸታዊ ዕድላት ዝበሃል ሰርቲፍኬት ጸኒሕካ ናብ ዲፕሎማ ክትዓቢ ትኽእል። ንባዕለይ ኣነ ዲፕሎማ ክመሃር እንከለኹ ኤክስተንሽን እየ ተማሂረ። መምህር እየ ነይረ፡ ምሸታዊ ከኣ፡ እመሃር ነይረ። ስለ'ዚ እቲ ዕድላት ምኽፋት ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምናልባት በብግዚኡ ብግቡእ እናጽናዕካ ዝኸየድን ዝረኣን'ኳ እንተኾነ፡ ናይ ብሓቂ ከመይ ገይሩ'ዩ እቲ ሰብ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝረክብ ክንሓስበሉ ኢና።

- **ጽቡቕ!**

ግን ሓደ ካብዞም ትምህርቲ ንዓበይትን ሜድያን ዝነጥፉሉ ዘለዉ፡ ምሸታዊ ትምህርቲ ዕድል ንዝረኸበ ሰብ ክህሉ'ዩ። ምሸታዊ ትምህርቲ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይ 2ይ ደረጃታት ጥራይ ዘይኰነ፡ ዋላ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዕድል ክህሉ ኣለዎ። ቅድም ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ብኤክስተንሽን ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ ይመሃር ነይሩ። ሕጂ ከኣ ኮለጃትናን ናይ ተክኒክ ኣብያተ ትምህርትናን፡ እዚ ዕድላት'ዚ ክኸፍታ ዝብል ኣብቲ ዘተ ንዘራረበሉ ኢና። ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ እውን እዩ። ስራሕ ዝሓተት እዩ።

**ዶ/ር ሓሊማ፡ እዚ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርትና ኣተሓሕዛዶ ምገለጽክልና፧**

ሕቶ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ምስ'ቲ ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ጉዳይ ካብ መዋእለ ህጻናት፡ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ብምትእስሳር ኢና ክንገልጾ እንኽእል። እቲ ናይ 2ይ ደረጃ ከኣ፡ ከም ሓደ ኮምሽን ተታሒዙ፡ ኮምሽን ናይ ላዕለዎት ትካላት ተባሂሉ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብልክዕ ኩሉ ሕቶ ትምህርቲ ስለ ዝኾነ ግን፡ ኩሉ ኣብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርትን ሚ/ሪ ትምህርትን ዘሎ ናይ ስራሕ ስኒት ክሕይል ዘለዎ እዩ። እቲ ኣብ ኮለጃት ዝግበር ዘሎ ትምህርቲ ከኣ፡ ነቲ ካብ መባእታ፡ ማእከላይ ደረጃ ዝመጽእ ዘሎ ተመሃራይ ራኢ ዝህብ መታን ክኸውንን ክኽለስን፡ ምስ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ብሓባር ኴንና ክንሰርሕ ኢና። ብዝኾነ ኣተሓሕዛኡ በበይኑ ስለ ዝጸንሐ ግን፡ ብዙሕ ዝርዝራት ብዛዕባ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክህብ ኣይክእልን እየ።

**- ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ተገዳስነትን ብቕዓትን ተመሃሮና፡ ኣብ ትምህርቲ እናጐደለ ዝመጽእ ዘሎ ኰይኑ ይስመዓካ'ሞ፡ እቲ ጠንቂ እንታይ ይኸውን ትብሊ ሚ/ር፧**

ብልክዕ እንተደኣ ርኢኻዮ ብመሰረት እቲ ዝገበርናዮ ገምጋማትን እውን፡ ተገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ተመሃሮና ይጐድል ኣሎ። ብዙሓት ጠንቅታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ፡ ኣብ ትምህርቲ ተመሃራይ ኣብ ክፍሊ ጥራይ ኣይኰነን ዝመሃር። ብዙሕ ነገራት እዩ ዝጸልዎ። ስለዚ እዞም ተመላላእቲ ነገራት ኣብ ተገዳስነት ተመሃሮ፡ ሕቶ ወለዲ ኣብ ምክትታል ደቆም ዝኣመስለ ክህሉ ኣለዎ እምበር፡ ብቕዓት መምህራንና ኣብ ትምህርቲ ጥራይ እውን ኣይኰነን እቲ ምኽንያት። ሎሚ ምስ እዚ ኩሉ ኩነታት ናይ ትምህርቲ ኣተኣሳሲርካ ኣብ ትምህርቲ ሓሙሳ ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ እየን። ደቀን ባዕለን ዝኣልያን ዝምህራን እውን እየን። እንተኾነ ደገፍ ናይ ብዓል ቤተን እንተ ደኣ ተወሲኽዎ ከኣ፡ እቲ መንፍዓት ኣብ ትምህርቲ ክሕይል ይኽእል እዩ።

**ካልእ ምኽንያትኪ፧**

ካልእ ኣብ ገለ-ገለ ቦታታትን ክፋላትን ሕብረተ-ሰብ ናይ ኤርትራ ከኣ፡ ገና እቲ ንቕሓት እውን ይጐድል እዩ። እዛ ዓንተቦይ ኣምጺኻያ ዝነበርካ ሕቶ ናይ ኮለጃት ኣተሓሕዛና፡ ሕቶ ብቕዓት መምህራንና፡ ኣብ ርእሲኡ ተገዳስነት ኣብ ምኹስኳስ ወለዲ'ውን ደቆም ኣብ ትምህርቲ ኣትኪሎም ክጽዕሩ ኣብ ምህናጽ እንተ ሰሪሕና፡ እቲ ብቕዓት ናይ ትምህርቲ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ብፍላይ ኣብ ቊጽሪ፡ እንግሊዝን ቋንቋ ኣደን ርኡይ ድኻም ጸኒሑ እዩ። እቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ብደረጃ ኣከባቢ፡ ዓለምናን ሃገርናን ዘውጸኦ ዝድለ መዐየሪ ኣይተበጽሐን ኣሎ። ነዚ ንምፍዋስ፡ እዚ ናይ 'ታርል ኣተሮች' ንብሎ ክንሰርሓሉ ኢና። 'ታርል' ማለት 'ቲቺንግ ኣት ዘ ራይት ለቨል' ማለት እዩ። ተመሃራይ

ነታ ዘላቶ ሃንፍ ኣለሊኻ ምሕጋዝ ማለት እዩ። ልክዕ እዩ መምህራን መሰረታዊ ሓገዝ ይገብሩ እዮም። ኣብ ኣርብዓ ፈተና ወይ ድማ ካብ ሚእቲ ትሕቲ መሕለፊ ነጥቢ ንዘምጽአ ተመሃራይ እዮም ዝሕግዙ። እዚ ታርል እንብሎ ግን፡ እንታይ እዩ፧ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ድኹማት ኢልካ ዝፈለኻዮም ተመሃሮ በበይኑ ዓይነት ጸገም ክህልዎም ይኽእል እዩ። ገሊኦም ገና ፊደላት ዘይመለኹ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ገሊኦም ምሉእ ሓሳባት ኣብ ምህናጽ ድኹማት ክኹኑ ይኽእሉ። ገሊኦም ናይ ምስማዕን ምርኣይን ናይ ምክትትታልን ጸገም ዘለዎም ክኹኑ ይኽእሉ እዮም። ሕጂ እቶም ድኹማት ዝበሃሉ በይኖም ፈሊኻ 'ዋን ቱ ዋን' ንብሎ ሓደ ብሓደ ፈተና ብጽሑፍ ጥራይ ዘይኩን፡ ናይ ቃል መዐቀኒ ኣሎ። ብኡ ፈቲንካ ኣብታ ጸገሙ ኣቲኻ ነቲ ተመሃራይ ትሕግዞ። ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ብፍላይ ኣብቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ስለ ዝረአ፡ ጸቒጥና ክንሰርሓሉን ከነተኣታትዎን ክንቅሰብ ኢና። ነዞም ከምዚኦም ኣብ መባእታ ዘለዉ ተመሃሮና ዝያዳ ሓገዝን ወፍርን ክንገብር መደብ ኣሎ።

**- ቀጽሊ ሚ/ር**

እቲ ሓደ ሕቶ ዘልዓልካዮ ነይሩ። እዚ ናይ ስተም ሕቶ እዩ። ሓደ መርሓ ጐድና ሮል ማፕ ኣርቂቕና ኣለና። ምናልባት ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ሸውዓተ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ኢንዳስትሪ፡ ምሁራት ካብ ደገ፡ ኣብ ኮለጃትና ዘለዉ ምሁራት ብምርኻብ ክትዓት ክንገብረሉ ኢና። እቲ ክትዕ ምስ ተገብረ ከኣ፡ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ ሓደ መርሓ ጐደና ክኹነልና እዩ ማለት እዩ። እዚ ክሳብ 2040 ዓ.ም ዝኸይድ ኣብ ስተም ዘተኩረ እዩ ማለት እዩ። ስተም ማለት፡ እዚ ናይ ሳይነስ፡ ቴክኖሎጂ፡ ኢንጂነሪንግ ከምኡ እውን፡ ማትማቲክስ ዘጠቓለለ ማለት እዩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብቲ ካሪክለም ይወሃብ ኣይነበረን ማለት ኣይኩነን። ኣብ ክንዲ በብዓይነቱ ፋሕ ዝብል፡ ከመይ ገይሩ ብዝተወሃሃደ መልክዑ ይቐርብ ዝብል ሕቶ ዝመጽአ እዩ። ብዓቢኡ ኣብቲ ካሪክለምና ክንክልሶ ስለ ዝኹንና፡ ከመይ ገይሩ ይኣቱ ክንሰርሓሉ ኢና። ኣብ ርእሲኡ እዚ ናይ ፖሊቴክ ክሳብ ኮለጃትና ዘጣመረን ዝኸይድን ክሳብ ናይ ዲግሪ ማስተርስ ክምዕብል እዩ ተሓሲቡ ዘሎ ኣብቲ ሮድ ማፕ፡ ኣብ ሓደ ግዜ ክብጻሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣንፈትና ግን ናብኡ ገጹ እዩ። ዋላኳ ሞያ ዓቢ ወጻኢታት ዝሓትት እንተኹነ፡ ከመይ ገይርና እዚ ናይ ቀለም ተመሃራይና ናብ ናይ ሞያ ክእለት ዘለዎ ነምጽኦ ስራሕ ከድሊ እዩ። ከመይ ገይርና እዘን ዘለዋ ናይ ሞያ ማእከላትና ነዕብየን ክስራሕ ኣለዎ። ብዘይ ብኡ ግን እቲ ካሪክለም ከመይ ገይሩ እቲ ናይ ቀለምን ሞያን ተወሃሂዱ ክኸይድ ከም ዘለዎ ዓቢ ስራሕ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። ኣብ ስራሕ ከኣ ኣለና። እዚ ናይ 15 ዓመት ዝኸውን ተታሒዙ ዘሎ መደባትና እዩ። ክብረት ይሃበለይ።

ሰነ 2026

ሓዳስ ኤርትራ